# ወዲቤት ምኳን

## ንባብ፡ ማር 3፡31-35፥ 1ጴጥ 2፡9-10

እግዚአብሔር ንሰብ ክፈጥር ምስ ደለየ ብመልክዕናን ምስልናን ሰብ ንፍጠር (ዘፍ 1፡26) ከምዝበለ ነንብብ። እዚ ነቲ ምስ አምላኽ ክህልወና ዘለዎ ርክብ ንምግላጽ ዝተጻሕፈ እዩ። ንአምላኽ ምምሳል ማለት ምስኡ ምንባር ግብርኻ መልክዕካ ኩሉ ናትካ ነቲ ዝፈጠረካ አምላኽ ምምሳል እዩ። ሰብ ካልእ ክመስል ድላይ አምላኽ አይኮነን። ቅ. ጳውሎስ ነዚ ከብርህ እንከሎ አምባሳደራት ኢና ይብለና። ቀጻሊ ርክብ ምስ አምላኽ ዘሎና ወከልቱ ልኡኻቱ መታዓይይቱ ኢና በዚ ከአ ደቂ ቤት ኢና።

እንተ ኾነ ታሪኽና ከም ዝብለና ሕርየትናን እዚ እንከሎ ሰብ ካልእ ክመስል ካብ አምላኽ ክፍለ ምስ ደለየ ዘይመልክዑ ሒዙ ሽዑ ተጸጊሙ ካብ ምድረ ገነት ተሰጎ ይብለና። ካብኡ ንድሓር ክፉእ ክንገብር እንከሎና ካብ አምላኽ ንፍለ ሽዑ ዕሩብ ሕልና ሒዝና ክፉእ ክንገብር ንነብር። አብ ታሪኽ እስራኤላውያን ምስ አምላኽ ጽቡቕ ርክብ ክህልዎም እንከሎ ይዕወቱ ሰላም ቅሳነት ይነግሶም ነሩ። ካብኡ ክፍለዩ እንከለዉ ኸአ ስደት ሞት ጥመት መከራ ይጸግቡ ነሮም። ዘይደቂ ቤት ክኾኑ እንከለዉ ካብ ቤት አምላኽ ስለ ዝስጎጉ ይጽግሞም ነሩ።

ወንጌል ካብ ቤቱ ዝወጸ ከመይ ከም ዝኾነ አብ ሉቃ 15 ብዛዕባ እቲ በታኒ ወዲ ይነግረና። እዚ ንኡስ ውላድ አብ ቤት አብኡ እንከሎ ሕንቁቕ ዝደለዮ ዝረክብ እኹል መግብን ካልእ ነገራትን ነርዎ። ነዚ ዘጥፍአ ክሓስብ እንከሎ እንጌራ ዚተርፎም አገልገልቲ አቦይ ክንደይ እዮም አነ ግን አብዚ ብጥሜት እመውት አሎኹ እናበለ ካብ ቤትካ ምስ ወጻእካ ዝንነፈካ ይነግር። አብ ቤት አብኡ እንከሎ ነቲ በረኸት አብኡ ክርኢ አይክአለን። ብዙሓት ነቲ አምላኽ ምስኡ ከሎና ዝህበና ጸጋ አይንርእዮን ከምዘይብልና ኮና ንነብር። ካብ ቤት አቦና ከይንወጽእ እንተ ወጻእና ጥፍአት ሽግር እዩ ዕጫና።

ቅ. ጳውሎስ አብ 1ቆሮ 5፡12 ብዛዕባ እቶም ካብ ክርስትና ወጻኢ ዘለውን እቶም አብ ክርስትና ዘለዉን አብ ቤት ዘለዉ ካብ ቤት ወጻኢ ዘለዉን እናበለ ይዛረብ። ነቶም ካብ ክርስትና ወጻኢ ዘለዉ አምላኽ እዩ ዝፈርዶም ይብል ነቲ ነውሪ ዝገብር ሰብ ካባኹም አውጽእዎ እናበለ ንክፉእ ግብሩ ንዝፍለጥ ምስኡ ሕብረት ከይህልዎም ካብኦም ክርሕቕዎ ይነግር። ንጳውሎስ እዞም ካብ ክርስትና ውጹአት ዝብሎም ናይ እዛ ዓለም ሰባት ምስቶም አሕዋት ዝብሃሉ እናአነጻጸረ እዩ ዝዛረብ። እቶም ደቂ ቤት ዝብሃሉ ምስ ክርስቶስ አብ ውሽጢ ዘለዉ እቶም ኅሩያት ነቲ ዘለዓለማዊ ኽብሪ ዝውሃቡ (2ጢሞ 2፡10) እዮም ይብለና። ወጻእተኛታት ዝብሃሉ ዘለዉ እቶም ካብ ክርስቶስ ወጻኢ ዝርከቡ እዚኦም እቶም ክፉእ ንምግባር ድሕር ዘይብሉ ንሕጊ አምላኽን ሕጊ ተፈጥሮን ዘየኽብሩ እዮም።

ማርቆስ ወንጌላዊ ብዛዕባ ወዲ ቤትን ዘይወዲ ቤት ክነግር እንከሎ ሓደ መዓልቲ አደ ኢየሱስን አኅዋቱን ናብኡ መጹ አብ ወጻኢ ቐይሞም ከአ ኺጽውዕዎ ለአኹሉ. . . . እንሆ አደኻን አኅዋትካን አብ ወጻኢ ቐይሞም ይጽውዑኻ አለዉ በልዎ ይብለና። ንሱ ድማ አደይ መን እያ አኅዋተይከ ብዓል መን እዮም እናበለ መለሰሎም። ነቶም አብ ዝርያኡ ተቐሚጦም ዝነበሩ እናጠመተ አደይን አኃዋተይንሲ እነዉ። ኃወይን ኃብተይን አደይንሲ ፍቓድ አምላኽ ዚገብር ዘበለ ኹሉ እዩ በሎም።

ኢየሱስ ኣብዚ ሓቀኛ ዝምድና እንታይ ከምዝኾነ ገሊጹ። ዝምድና ጉዳይ ስጋዊ ወይ ናይ ደም ዝምድና ጥራሕ ኣይኮነን። ገለ እዋን ምስቶም ወላ ሓደ ስጋዊ ዝምድና ዘይብልና ዝያዳ ካብቶም መቕርብና ስጋን ዝምድና ወይ ርክብ ክህልወና ይክእል።

1. **ሓቀኛ ዝምድና ኣብ ሓበራዊ ተመክሮ እዩ ዝርከብ፥** ብፍላይ እቲ ተመክሮ ክልተ ሰባት ኣብ ነገራት ሓደ ክኾኑ እንክለዉ። ኣብ ኣበሃህላ ከምዘሎ ክልተ ሰባት ናይ ብሓቂ ኣዕሩኽ ዝኾኑ ነንድሕዶም ትዝክርዶ እናተበሃህሉ ኣብ ነንድሕዶም ክተሓተቱ እንከለዉ እዩ። ሽዑ ክልቲኦም ብዛዕባ እቲ ክልቲኦም ብማዕረ ዝፈልጥዎ እናኣዕለሉ ይኸዱ። ናይ ብሓቂ ዝቃረቡን ኣዕሩኽትን ሰባት ብሓባር ይሕጎሱን ብሓባር ይሓዝኑን። ዘየዕሩኽ ግን ወላ ይዘራረቡ ዘርብኦም ውሽጣዊ ኣይኮነን ስለዚ ርክቦም ግዳማዊ እዩ። መሰረት ናይ ሓቀኛ ዝምድና ኣብ ሓበራዊ ተመክሮ ይምስረት። ክርስትያን ሓባራዊ ተመክሮ ኣለዎም ዝተሓድገሎም ኃጢኣተኛታት ምዃኖም።
2. **ሓቀኛ ዝምድና ኣብ ሓበራዊ ጥቕሚ እዩ መሰረቱ።** ሰባት ኣብ ሓደ ሓባራዊ ርድኢትን መንፈስን ጥቕምን ክርከቡ እንክለዉ ጥራሕ እዩ ብሓቂ ጥቕሚ ዝርከብ። ንኣብነት ሰባት ቅ. መጽሓፍ ከንብቡ ይድለ እዩ እንተ ኾነ መጀመርያ ኣብ ሓደ ልብን መንፈስን ክጥርነፉ ምስ ከኣሉ ጥራሕ እዩ ክንብብዎ ዝኽእሉ። ሰባት ሓባራዊ ድልየት ኣፍልጦ ክርስቶስ ክህልዎም እንክሎ እዩ ብሓቂ ኣብ መንግኦም ሓቀኛ ርክብ ክፈጥሩ ዝኽእሉ። ከምኡ ሓቀኛ ሓበራዊ ኣፍልጦ ነገራት ክህልዎም እንክሎ ርክብ ዝምድና ይፈጥሩ።
3. **ሓቀኛ ዝምድና ኣብ ሓበራዊ ተኣዝዞ ይምስረት።** ሓዋርያት ካብ ዝተፈላለየ ድሕረ ባይታ ዝመጹ እዮም ነሮም። ዝተፈለለየ እምነታትን ኣተሓሳስባን ዝተሓዋወሶም እዮም ነሮም። ኣኻፋል ቀረጽ ማቴዎስ፥ ስምዖን ቀናኢ ሃገራውን ተሓዝ ገንዘብ ነንድሕዶም ይጻልኡ ነሮም ይኾኑ፥ ግን ክልቲኦም ብሓደ ዝተኣሳሰሩ ነሮም ምኽንያቱ ክልቲኦም ንኢየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታኦምን መምህሮምን ስለ ዝረአይዎ። ሰባት ካብ ዝተፈላለየ ድሕሪ ባይታ መጺኦም ኣብ ሓደ ዓላማ ምስ ኣተዉ ሓባራዊ መገዲ ይሕዙ። ንኣብነት ተጋደልቲ፥ ወሃደራት፥ ሓካይም፥ ተመሃሮ። ሓደ ዝገብሮም ናይ ሓባር ተኣዝዞ ስለ ዘልኦም እዮም። እቶም ናይ ሓባር መራሒ ዘለዎም ኣዕሩኽ ይኾኑ። ነንድሕድና ክንፋቐር ንኽእል ግን ኩልና ንኢየሱስ ክርቶስ እንተ ኣፍቀርና ኢና።
4. **ሓቀኛ ዝምድና ኣብ ሓባራዊ ዓላም ይምስረት።** ከም ሓደ ዓላማ ገሩ ንሰባት ኣብ ነንድሕዶም ዝጠምሮም የለን። ኣብዚ ከም ቤተ ክርስትያን ክምህረና ዝኽእል ነገር ኣሎ። ንሕና ክንዕወት እንኽእል ኣብ ሓደ ዓላማ እንተ ቐምናን ንሰባት ኣብ ክርስቶስ ከም ዝቐርቡን ዝኣምኑንን እንተ ገበርና ጥራሕ ኢና ክንዕወት እንኽእል። ዝምድና ካብ ሓባራዊ ዓላማ እንተ መጽኣ ክርስትያን ልዕሊ ኩሉ ነገር ምስጢራቶም ይውንኑ ኩሉ ንክርስቶስ ብዝያዳ ኣብ ምድላይን ኣብ ምፍላጥን ኣብ መንግስቱ ምምጽኦም እዩ። ወላ እኳ ዝፈላሊ ነገር እንተ ተረኽበ ክንሰማማዕ ንኽእል።

ኣብ ወንጌል ኣዝማድ ኢየሱስ ዝብል ክልተ ጊዜ ተጠቒሱ ንረኽቦ። ኣብ ደገ እዮም ነሮም ክብል እንከሎ ኣብ ውሽጢቤት ክኣትዉ ኣይክኣሉን። እቲ ዝመስል ምኽንያት ኣብ ውሽጢ ገዛ ብሰብ መሊኡ ስለ ዝነበረ ክኣትዉ ኣይ ክኣሉን ይኾኑ። ወይ ከኣ ሓላው ኣፍደገ ስለ ዘይፈልጦም ከልኪልዎም ክኸውን ይኽእል። ኣብ ገለ እዋን ከኣ ከም ባህልና ኣብ ባይቶ ወይ እኩብ ሰብ ኣብዘለዎ ንእትደልዮ ሰብ ሓንሳብ ክረኽበካ ኢልካ ካብቲ ዘለዎ ኣውጺእካ ትረኽቦ ከምኡ ክኸውን ይኽእል። ስለዚ ኣዝማድ ኢየሱስ ኣብ ደገ ነሮም ማለት እዩ።

ካብ ቤት ወጻኢ ኣብ ኣፍደገ ዝርከብ ትርጉሙ ምስቶም ኣብ ውሽጢ ዘለዉ ዝኾነ ርክብ ዘይብሉ ምስጢር ገዛ ዘይብሉ ተሳትፎ ዘይብሉ እዩ። እዚ ብብዙሕ መገዲ ክኸውን ይክእል፥ ዝኾነ ዝምድና ስጋ ስለ ዘይብልካ ኣብ ነገራት ሰባት ዘሎካ ርክብ ድሩት እዩ። ወይ ክአ ብስጋ ዘመድ ኢኻ ወይ ብጠባይካ ወይ እውን ዓቕምኻ ድሩት ብምዃኑ ወይ እውን ዘይእሙን ስለ ዝኾንካ ስለ ዘይትእመን ከም ወዲ/ጓል ቤት ኣይትርአን። እዚ ንብዙሓት ስድራታት ዝፈላሊ እዩ።

እቶም ምስ ኢየሱስ ኣኸቢቦሞ ኣብ ውሽጢ ገዛ ዝነበሩ ኣብ ውሽጢ ደቂ ቤት፥ ብቐረባ ንኢየሱስ ዝርእይዎን ዝሰምዕዎን ዝነበሩ ምስኡ ዝነበሩ እዮም። ንሶም ደቂ ቤት ብኹሉ ናይ ቤቶም ዝፈልጡ እዮም። ወዲ/ጓል ቤት ክንብል እንከሎና ኣብቲ ገዛ ዝግበር ወይ ዘሎ ኩሉ ይፈልጥ ማለት እዩ። ገለ እንተ ገበረ ኣይወዲ/ጓል ቤት እንዲኻ ይብሃል።

ኣብዚ ኢየሱስ ዝብሎ ዘሎ ናይ ቦታ ሕቶ ኣይኮነን ማለት ኣብ ውሽጢ ገዛ ወይ ኣብ ኣፍደገ ምዃን ኣይኮነን ዝሕብር ዘሎ። ከም ዝተባህለ ዝምድና ወይ ርክብ ብደም ኣይ ኮነን እንታይ ድአ ምስ መገዲ ኢየሱስ ሓደ ምዃን እዩ። ክርስትያን ምዃን ማለት ኣብ ሓዲስ ስድራ ቤት ምሕዋስ፥ ምዝ ዝበርትዐ ርክብ ዘለዎ ካብቶም ናይ ሥጋ ኣዝማድ ዝልዓለ ርክብ ምግባር ንኹሉ ከም ሓፍትኻን ሓፍትኻን ገርካ ምርኣይ። ወዲ ቤት ዝብሃል ብሓጺሩ ዝኾነ ሰብ ንድላይ እግዚኣብሔር ዝገብር እዩ። በዚ ኸአ ንካልኦት ክርስትያን ዘይኮኑ እውን ክሕውስ ይኽእል እዩ።

ኣብዚ ወንጌል ሉቃስ ሓደ ብዙሕ ክትርድኦ ዘይትክእል ነገር ኣሎ በዚ ኸአ እዩ ብዙሓት ከኒሻ እንብሎም ነዚ ክፍሊ ወንጌል ብገጋ ክርድእዎ ንርኢ። እዚ ኸአ ናይ ማርያም ኩነታት እዩ። ንሳ እውን ጓል ቤት ኣይኮነትን ማለት ድዩ። እቲ መልሲ ፈጺሙ ከምኡ ኣይኮነን። ኣብ ወንጌል ሉቃስ ከም እነንብቦ መልኣኽ እግዚኣብሔር ኣደ ኣምላኽ ክትከውን ምስተሓርየት ማርያም ዘየወላውል ዝኾነ ቅድመ ኩነት ዘይብሉ መልሲ ሂባ፥ እነኹ ኣነ ባርያ እግዚኣብሔር እየ ከምቲ ዝበልካኒ ይኹነለይ (ሉቃ 1፡38) ኢላ። እዚ እዩ እቲ ምሉእ ብምሉእ ሕይወታ ኣብ ኣምላኽ ከምዝሃበት ዝነግር፥ ሓንሳብ ምስ ኣተወቶ ምሉእ ሕይወታ ዝጋጠማ ብዘየገድስ ፈልከት ከይበለት ፈጺማቶ። ልዕሊ ኹሉ ግን ናይ ሓዘን ኲናት ልባ ምስ ወገአ ነቲ ሓደ ወዳ ብኲናት ልቡ ክወግእዎ ምስ ረአየት ብዘይ ዝኾነ ጉድለት እምነት ጸኒዓ ተቐቢላቶ። ንሳ ምስ ወዳ ክሳብ እታ መወዳእታ እስትንፋሱ እትሓልፍ ምስኡ ደው ኢላ ነራ። በዚ ኣብ ትንሣኤኡ ብዓቢ ክብሪ ተሳቲፋ።

ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ (ሉቃ 11፡27-28) ማርያም ከምዚ ዝአመሰለ ውሉድ ዝወለደት ብጽእቲ እያ እናበለት ንማርያም ዕብየታን ክብራን ገሊጻ። ኢየሱስ ነዛ ሰበይቲ ክምልሰላ እንከሎ ብፁኣንሲ እቶም ንቓል ኣምላኽ ዚሰምዕዎን ዝሕልውዎን ደአ እዮም በላ። ማርያም ኣብ ውሽጢ ቤት እትርከብ ጓል ቤት እያ እዚ ኸአ ኣደ ኢየሱስ ብምዃና ዘይኮነ ብምሉእ ንገዛእ ርእሳ ምስ ተለኣኮ ወዳ ሓደ ስለ ዝገበረትን ክሳብ መጨረሻ ምስኡ ስለ ዝኾነትን እዩ። ስለዚ ማርያም ምሉእ ብምሉእ ምስ ወዳ ሓደ ስለ ዝኾነት ካብኡ ተፈልያ ኣይትርአይን እያ። በዚ ኢና ምስለ ፍቁር ወልዳ እንብላ።

**ደቂ ቤት ክንከውን ክንገብሮ ዘሎና እንታይ ኣሎ።**

1. **ምስ ኣምላኽ ጥቡቕ ርክብ ክህልወና የድሊ።** ንክርስትናና ክነብሮ ዕለት ዕለት ክንምስክሮ ኣሎና። ኣብ ባህግን ትምኒት ምንባር ክርስትያን ኣይገብረናን እዩ። ከም ማርያም ነቲ ኣምላኽ ዝደልዮ

ክንገብር ኩሉ ጊዜ ስንድዋት ክንከውን አሎና። ቀለዓለማዊ ሕይወት ክንሰግሮ አሎና። ክርስቶስ አባና ክነብር ንሕና ኸአ አብኡ ክነብር ማለት እዩ። ምስ ክርስቶስ ሓድነት ከይ ገበርና ጥቡቕ ርክብ ክህልወና አይ ክእልን እዩ።

2. **ቤትና ክንፈልጥ አሎና።** ውሽጢ ቤት እንርከብ ኵል እንፈልጥ ክንከውን አሎና። ቤትካ ዘይትፈልጥ ናይ ካልኦት እንተ ፈለጥካ ሓሳዊ ሕይወት እዩ። አብ ቤትካ እሙን እንተ ኾንካ ኢኻ ምስ ካልኦት እሙን እትኸውን። አብ ቤትካ ዘሎ ጽቡቕን ሕማቕን ክትፈልጥ አገዳሲ እዩ። ንብዙሓት ዝኸብዶም ናይ ቤቶም ነገር ካልአዊ ገሮም ይርእይዎ፥ አብ ቤት ካልኦት ንፋዓት አብ ቤቶም ግን ሓንቲ ዘየበርክቱ እዮም። ስለዚ መጀመርያ ቤትና ነጽርን ንፍለጥን።
3. **ኵሉ ግዜኻ ንቤትካ ምሃብ።** አብ ቤት ዘሎ ክትፈልጥ ጊዜ አብ ቤትካ ምሕላፍ የድሊ። አብ ቤትካ ዘሎ ሕይወት ጠባይ አተሓሳስባ ክትፈልጦን ክትከታተሎን ጊዜ ወሲድካ ምፍላጥ የድሊ። ሓደ ውሉዱ ነብኡ ጊዜ ክህቦ ሓቲትዎ ይብሃል። ንደቅና ንሓዳርና ጊዜ ምሃቦም ምስኦም ምዕላል ምጽላይ ምዝንጋዕ ብሓቂ ደቂ ቤት ከም እንኸውን ይገብረና። ጊዜ ቤትካ ንኻልእ ካብ ምሃብ ምጥንቃቕ የድሊ። ብዙሓት ግዚኦም ገንዘቦም ንኻልኦት ብምሃብ የሕልፍዎ እዚ ኸአ ዓቢ ዕንወት አብ መጻኢ ሕይወት ደቆም ይርአ። ግዜኻ ንቤትካ ምሃብ ዓስቢ አለዎ።
4. **አብ ሓደ ሓሳብን አብ ሓደ ልብን ምኧን።** ደቅ ቤት ክልተ ልቢ ክህልዎም አይግባእን። አተሓሳስብኦም ድለታቶም ኩሉ ብዝክአል አብ ሓደ ክኸውን አለዎ። ንዝኾነ ንዋታውን መንፈሳውን ውሳኔታት ዘልአ ርድኢት ግሉጽ ምኧን የድሊ። ሓደ ካብ ሓደ ዝሓብአ ዘስከፎ ነገር ክህሉ አይግባእን። ምሉእ እምነት ጥራሕ እዩ ደቂ አምላኽ ዝገብረና። ጎደሎ እምነት ካብ አምላኽ የውጽአና። ኵልና አብ ሓደ እንመጽእ ሓደ እምነት ክህልወና እንከሎ ጥራሕ እዩ።

ወዲ/ጓል ቤት አምላኽ እንተ ኾና አምላኽ እንታይ ክንገብር ይደልየና? ኮፍ ኢልና አብ ውሽጢ ስድራቤት እንከሎና ሓንቲ ዘይንገብር ክንከውን አይ ኮነን ዝደልየና። አብ አፍደገ ማዕጾ ኮንካ ብደገ ንዝመጽኡ ረጊጥካ ዓቚኻ አብ ስድራ ክሕወሱ ንዝደልዩ ክትክልክል አይ ኮነን ዝደልየካ። ንሰባት አብ ደገ ንዘለዉ ደቂ ቤት ክኾኑ ክትምነየሎም አይ ኮነን ዝደልየካ። ነቶም አውሽጢ ቤት ዘለዉ አብ ምሉእ ዓለም ክኸዱ እሞ ንወንጌል ንኹሉ ፍጡር ክሰብኩ እዩ ዝደልዮም (ማር 16፡15)። አብ ዓለም እንከሎና (ዮሓ 17፡11) አብ ኩሉ ክንበጽሕ ብማዕሪኡ ኸአ ናይ ዓለም አይ ኮናን (ዮሓ 17፡14-16)።

እምብአርከ ክርስትያን ንቃል አምላኽ ክነግሩ ክፉት ማዕጾ ክረኽቡ ክፍለዩን ክረኽቡን አለዎም፥ አብ ቅድሚ እቲኦም ጠፊኦም ዘለዉ ክነግርዎን ክሰብኽዎን ክነብርዎም ክንጽልየሎም አሎና (ቆላ 4፡3-4)። በዚ ምኽንያት እዩ ቅ. ጳውሎስ ነቲ ዝተዋህበኩም ጊዜ ብዚክአል እናሠራሕኩምሉ ምስቶም ዘይአምኑ ብጥበብ ንበሩ (ቆላ 4፡5) ዝብል። ነቶም አብ ግዳም አብ ወጻኢ ዘለዉ ደቂ ቤት ክኾኑሉ ዝኽእሉ ኵሉ ዝክአለና ክንገብር አሎና፥ ደቂ ቤት ደቂ ቤተክርስትያን ዝኾኑሉ ዝክአለና ክንጽዕር አሎና። ሓውና ወይ ሓፍትና ካብ ቤቱ ወጻኢ ክንርኢ ከሎና ክንሓዝን አሎና ክንመልሶም ክነእትዎም ዝክአለና ክንገብር አሎና። አብቲ ምሳሌ ዓቢ ድራር ዝዓደመ ሰብአይ ነቶም አገልገልቱ፥ *ናብ አደባባዩን ናብቲ መተኃላለፊ ኸተማን ቀልጢፍካ ውጻእ ድኻታትን ቆራያትን ዕዉራትን ሓንካሳትን ናብዚ አምጽእ በሎ፥ እቲ ጊልያ ኸአ ጎይታይ ከምቲ ዝአዘዝካዮ ተፈጺሙ እዩ፥ እንተ ኾነ ስፍራ ገና አሎ በሎ፥ እቲ ጎይታ ድማ ነቲ ጊልያኡ ከምዚ በሎ፥ ናብ መገድታትን ቀጽርታትን ውፃእ እሞ ቤተይ ምእንቲ ኢመልእሲ ኸም ዚመጹ ግበሮም* (ሉቃ 14፡21-23) በሎ፥ ንሕና እውን ከምኡ እዩ ክንገብር ዝደልየና። ብዙሓት ደቂ ቤት ክኾኑ ኩልና ክንወፍር ደቂ ቤት ከምዝበዝሑ ክንገብር ክንልአኽ ይደልየና።

ራእዩ ዮሓንስ ኣብ መወዳእታ ዓለም ደቂ ቤት ዝኾኑን ዘይኮኑ ክህልዉ ከምዝኾኑ ኽገልጽ እንከሎ ከምዚ ይብል፥ እቶም ኣኽላባትን ጠንቆልትን ኣመንዝራታትን ቀተልቲ ሰብን መምለኽቲ ጣዖትን ኵሎም እቶም ንሓሶት ዚፈትዉዎን ዚገብርዎን ዘበሉ ግና ኣብ ደገ ኽተማ ወፃኢ እዮም (ራእ 22፡15) ይብል። ሕማቕ ግብሪ ዘልኦ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክቐርብ ኣይክእልን እዩ፥ ብማዕሪኡ ደቂ ቤት እውን ክህልዉ እዮም ናብታ ኽተማ ብኣፍ ደጌታት ምእንቲ ኽኣትዉን ኣብታ ኦም ሕይወት መሰል ምእንቲ ኺረኽቡን እቶም ክዳውንቶም ዚሓጽቡ ብፁዓን እዮም (ራእ 22፡14) ይብል። ሓደ መዓልቲ ብምዓልቲ ፍርዲ ነቶም ብእመነት ክመርሑ ዘይክእሉ፥ ኣንቱም ርጉማት ካባይ ርሒቕኩም ናብቲ ንሰይጣንን ንመላእኽቱን ዝተዳለወ ናይ ዘለዓለም ሓዊ ኺዱ (ማቴ 25፡41) ክብሎም እዩ። ግን ነቶም ብእምነት ሕይወቶም መሪሖም ዝተኸተልዎ ኸአ ኣቱም ናይ ኣቦይ ብሩኻት እቲ ዓለም ክፍጠር ከሎ ዝተዳለወልኩም መንግሥቲ ኽትወርሱ ንዑ (ማቴ 25፡ 34) ክብሎም እዩ። ነዚ ምስ ሰማዕና ዝመጽእ ቀዳማይ ሕቶ ነየናይ ኢኻ/ኺ እትሰምዕ/ዒ? ንዘለዓለም ወዲ ቤትዶ ወይስ ወጻኢ ካብ ቤት ኢኻ ክትከውን/ኮኒ? ካልኣይ ሕቶ፥ ካልኦት ክሰምዕዎ ክትሕግዞም እትደልዮ ኣየናይ ምኾነ? ንስኻ እትፈልጦም (ስድራ ኣዕሩኽ፥ ጎረባብቲ፥ መሳርሕቲ ወዘተ) ደቂ ቤት ወይስ ካብ ቤት ወጻኢ ንዘለዓለም? ንሰባት ዘለዓለማዊ ሕይወቶም ክሓስቡ ብዝኾነ መገዲ ዝጸልዎም ወይ ክሓስቡ ዝገብሮም ዝገበርካዮ እንታይ ኣሎ?።

እዚ ምሕሳብ ዘድልዮ ሓሳባትን ምሕሳብ ዘድልዮ ሕቶታትን እዩ። ኣምላኽ ደቂ ቤቱ ክንከውንን ንኻልኦት ደቂ ቤት ክኾኑ ክንሕግዞም ክሕግዘና ንለምኖ፥ ኵልና ሰብኣ ቤቱ ንኣምላኽ ክንከውን እምበር ኣብ ደገ እንተርፍ ከይንህሉ ርኢና እንኽእለሉ ሓይልን ጸጋን ዓድለና ንበሎ። ኣብ ቤተ ክርስትያኑ ንእምነትና ክነብሮን ክንምስክሮን ዓው ኢልና ኣባይ ነጊሱ ዘሎ ክርስቶስ እዩ ኢልና ክንምስክር እሞ፥ ደቂ ቤት ምዃና ክነረጋግጽ።

ኣብ ስድራና ኣብ ቍምስናና ደቂ ቤት ዘይኮኑ ኣለዉና ከመይ ገርና ደቂ ቤት ንገብሮም? ክንሓስበሉ ዝግብኣና ጉዳይ እዩ። ብሓቂ ዘሰክፍ እዩ፥ ሰባት ሕይወቶም ኣብ ደገ ጥራሕ ክትርእዮም፥ ኣብ መርዓ፥ ቀብሪ ጉዳያት ክመጽኡ ንቤት ኣምላኽ ግን ክህረምዎ ክትርኢ ዘሕዝን እዩ። ንዝሓከለ ለሚንካ ኣቀባጢርካ ኣጆኻ ኢልካ ኢኻ ኣብ ቤት እተእትዎ እሞ ንዝሓከሉ ኣብ ቤት ክነእቱ ኩልና ዝክኣለና ንግበር።

ኣምላኽ ስድራ ቤቱ ኮና እሙናቱ ኮና ክነብር እዩ ዝደልየና። ካብ ኣምላኽ ዝፍለ ሞት እዩ እዩ ዕጫኡ፥ ኣብኡ ሰላም ቅሳነት ተስፋ የብሉን፥ ህዉኽ ሕይወት ለቢሱ ኣብ ሰንፈላል ይነብር። ኣምላኽ ጸግዕናን ተስፋናን ገርና እምብኣር ንድላይ ኣምላኽ ክንፍጽም ብምሉእ ሓይልና ክንጽዕር እሞ ደቂ ቤት ምዃና ክነረጋግጽ።

ማርያም ኣደ ኣምላኽ እታ ቀንዲ ጓል ቤቱ ንኣምላኽ እያ። ንሳ ሕይወታ ብምልኡ ንኣምላኽ ሓንሳብ ምስ ሃብት ንድሕሪት ግልጽ ኣይበለትን። ንድላይ ኣምላኽ ምሉእ ሕይወታ ዝሓለወት እያ በዚ ቀዳመይቲ ጓል ቤት ኣምላኽ ኮይና። ሎሚ ንሕና ኣሰር ማርያም ስዒብና ንድላይ ኣምላክ ክንስዕብ ለምንልና ነበላ።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ።